# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.237 ሰንበት 2 ሰነ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ሓደ-ሓደ ካብ ታሪኽና ብሓጺሩ (II)


ገጽ 3
ዳስ ናጽነት - ኣብ ን/ዞባ ማእከል ከተማ


ገጽ 4
ኤርትራዊ - ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ


ገጽ 5
ምልክታ

ገጽ 7
ኣቤል (ኣቤጋ)፡ ኣብ ቦቸፊልያ ዓኹኹ ምስ ጋንታ ሳዋ ዝደመቐ



## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ሪፓብሊክ ኮርያ ገይሹ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዕድመ መንግስቲ ሪፓብሊክ ኮርያ፡ ኣብ ዋዕላ መራሕቲ ደቡብ ኮርያን ኣፍሪቃን ንምስታፍ፡ ትማሊ ድሕሪቀትሪ ናብታ ሃገር ገይሹ።

እዚ "ብሓባር እንቖርጾ መጻኢ - ንሓባራዊ ዕቤት፡ ዘላቕነትን ምሕዝነትን" ብዝብል ቴማ 3ን 4ን ሰነ ኣብ ከተማ ሶል ዝቃናዕ ቀዳማይ ዋዕላ መራሕቲ ደቡብ ኮርያን ኣፍሪቃን፡ ብቐንዱ - ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ዝምድናታትን ምትሕግጋዝን ንምምዕባል ዝዓለመ እዩ።

ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዝተጓዕዘ ልኡኽን፡ ምስ መራሕቲ ሪፓብሊክ ኮርያን ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ክዘራረቡ እዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ኣካየድቲ ትካላትን ኩባንያታትን ሪፓብሊክ ኮርያ ርክባት ንምክያድ መደብ ኣሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ፈላሚ ዋዕላ መራሕቲ ደቡብ ኮርያን ኣፍሪቃን 25 መራሕቲ ዝርከብዎም ወከልቲ 48 ሃገራት ኣፍሪቃ ክሳተፉ ትጽቢት ይግበር።




ስእሊ - ብታእዛዝ ኣብርሃ

## ኤርትራውያን ነበርቲ ካናዳ፡ ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ብድምቀት ኣብዒሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ካናዳ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ፡ መበል 33 ጽምብል ናጽነት ኤርትራ፡ ካብ 18 ክሳብ 31 ግንቦት ብበከተማኦምን ከበባኦምን ብልዑል ድምቀት ኣብዒሎም።

ኣብ'ቲ ኣብ ከተማታት ረጂይና፡ ቶሮንቶ፡ ኦታዋ፡ በርሊንግተን፡ ካልጋሪ፡ ዊኒፐግ፡ ሞንትርያል፡ ዊንሶር፡ ኤድመንተን፡ ለንደን፡ ጓዌልፍ፡ ሃሊፋክስ፡ ቨንኩቨርያን ብሪትሽ ኮሎምብያን ዝተኻየደ ጽንብላት፡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ክኸውን ከሎ፡ ብቐንዱ ኣብ ምንጽብራቕ ስልጡን ሃገራዊ ባህልን ክብረታትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ነይሩዎ።

እቲ ጽምብላት፡ ንመዓልታት ዝቐጸለ ስፖርታዊ መደባት፡ ዑደት "ጣንዲራይ ኣንበልብሊ" ብመኪዮንን ብሽክሊታታትን ኣብ ቀንዲ ጎደናታት፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ኣዘናጋዕን መደባት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ቶሮንቶ ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ሓላፊት ሚሽን ኤርትራ ኣብ ካናዳ ወ/ሮ ኣማረሽ መብራህቱ፡ ነቲ ዕለት ዝምልከት መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ24 ግንቦት ንግሆ፡ ኣብ ኩለን ከተማታት ስነ-ስርዓት ምስቃል ጣንዴራ ኤርትራ ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈት ምምሕዳራት ተኻዪዱ።

ኣብ ቀጽሪ ምምሕዳር ከተማ ቶሮንቶ ኣብ ዝተቓነዐ መደብ፡ ተሳተፍቲ ንምውሓስ ሰላምናን ናጽነትናን ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ናይ ሎሚ ዓመት ድሙቕ በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ቀልቢ ብዙሓት ካናዳውያንን ወጻእተኛታትን ዝሰሓበ ምንባሩ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሑና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።




## ኣምባሳደር ዮውሃንስ ምስ ፕረዚደንት ሳልቫኬር ተራኺቡ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ኣቶ ዮውሃንስ ተኽለሚካኤል፡ ብ29 ግንቦት ምስ ፕረዚደንት ሳልቫኪር ማያርዲት ተራኺቡ፡ ኣብ ኽልኣስ ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕብባርን ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሕውነታዊ ዝምድና ክልተአን ኣሓት ሃገራት ንምሕያል ተበግሶታት ክወሰዱን ቀጻሊ ርክባት ክካየድን ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ፕረዚደንት ሳልቫኪር ብዘውሰኾ፡ ኤርትራ ንህዝቢ ደቡብ ሱዳን ንዘበርክቶ ደገፍ ብምምስጋን፡ ህዝቢ ኤርትራን መራሕቱን ዘለዎ ኣኽብሮት ገሊጹን ንህዚ ሰራሕ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣድኒቑን።

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ሳልቫኪር፡ ኣብ 2020 ዝጀመረትን 600 ተመሃሮ ዘለውዋን ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራ ንምስፋሕ ንዘቐረበ ጠለብ፡ እወታዊ ምላሽ ሂቡሉ።



# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሓደ-ሓደ ካብ ታሪኽና ብሓጺሩ (II)

*(ተኣሪሙ ዳግማይ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ)*

*- ሃገርና መዓስ'ያ "ኤርትራ" ዝተባህለት?*

*- ኢጣልያውያን ስለምንታይ ናብ ኤርትራ ብቐሊሉ ክኣትዉ ክኢሎም?*

*- ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስ ኤርትራ ዘተኣሳስሮ እንታይ'ዩ?*

*- ኤውሮጳውያን ንኣፍሪቃ መዓስ'ዮም ዝፈለጥዋ?*

*- ንኢጣልያ "ኣይትቕሰኒ" ዝበሉዋ ሓርበኛታት ኣቦታት መነመን'ዮም?*

ካብ 15 ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ኣገዳስነት ኣፍሪቃ እናዓዘዘ'ዩ ዝመጽእ ዝነበረ። ግሪኻውያንን ሩማንያውያንን ቅድሚ'ቲ ዘመን ኣትሒዞም ንሰሜናዊ ገማግም ኣፍሪቃ ይፈልጡዎ ነበሩ። ኤውሮጳውያን፡ ቅድሚ 15 ክፍለ-ዘመን ናይ ዳህሳስ ዓቕሞም ድሩት'ዩ ዝነበረ። ካብቲ ብስልጣነ ዓብዮም ርሑቕ ክጓዓዝሉ ዝጀመርሉ ዘመናት ኣትሒዞም፡ ንኣፍሪቃ ክፍትሹ ጀመሩ። ኣብ መጀመርታ ብንግስነት ዓረብን ምድረበዳ ሰሃራን ይብድሁ ብምንባሮም፡ ኣይሰጐሙን። ኣብ ሻውዓይ ዘመን ብዙሓት ዓረባውያን ዳህሰስቲ ናብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ግዜ ተመላሊሶም። ንምዕራብ ኣፍሪቃ "ሃብታም ዞባ" እናበሉ ክዕልሉ ዝሰምዓ ፖርቱጋልን ስፓኛን ኣብዚ ዞባ ተገዳስነት ኣሕደራ። ብልኡል ሄንሪ ናይ ፖርቱጋል ዝምራሕ ኤውሮጳዊ ሓይሊ፡ ንንግስነት ዓረብ ብምድፋእ ናብ ገማግም ጊኒ ኣተው። ካብዚ ዘመን'ዚ ንደሓር ኤውሮጳውያን ናብ ኣፍሪቃ ደፊሮም ብምምጻእ ንሰሜን፡ ምዕራብ፡ ምብራቕን ማእከልን ኣፍሪቃ ክድህስሱዎ ጀመሩ።

ኤውሮጳውያን ሃገራት ንመሬት ኣፍሪቃ ብዝተፈላለየ ኣገባብ እናወረራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽረን ከእትወአ ተራእያ። ብፍላይ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ንኣፍሪቃ መቓቒለን ተማሲሐናኣ ነበራ። ኢጣልያ ናብቲ ምስሒት ዶንጒያ ተጸንበረት። ኢጣልያ፡ እተመቓቐላ በበይነን ግዝኣታት'ምበር ስምርቲ ሓንቲ ሃገር ኣይነበረትን፣ ካብ ካብ 1814 ክሳዕ 1870 ኣብ ዘሎ ግዜ እያ፡ በብቑሩብ ናብ ሓንቲ ሃገር ጸረየት። ካብ 1870 ክሳዕ 1885 ከኣ ኣብ ኣፍሪቃ ክትገዝእ ብዙሕ ተደረኸት። ካብቶም ቀንዲ ምኽንያታት ከኣ ምስፍሕፋሕ፡ ሃገራዊ ክብረትን ቍጠባን ነበረ። ምምቕቓል ኣፍሪቃ ክጅምር እንከሎ ተወዳዳሪት ኰነት።

ኢጣልያ፡ ብ1869፡ ሓደ ጁሰፐ ሳፔቶ ብእተባህለ ኢጣልያዊ ሚስዮናዊ፡ ብስም ሩባቲኖ እተባህለ ትካል፡ ንወደብ ዓሰብ ተኻረየታ። ነዚ መሬት ዝሸጠ ናይ ሸዑ ሱልጣን ኣቢን ኣሕመድ'ዩ ዝነበረ። ኢጣልያ ንዓሰብ፡ ድሕሪ 13 ዓመት (ብ1882)፡ ብወግዒ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽራ ኣእተወታ። ብጥሪ 1885 ንበይሉል፣ ድሕሪ ወርሒ፡ ንግብጺ ሰጒጓ ንባጽዕ ሓዘታ። ኣብዚ መስርሕ ብርጣንያ ንኢጣልያ ሓገዘታ። ምኽንያቱ ፈረንሳ ቀዲማ ክትሕዞ ድልየት ስለዘይነበራ።

ኢጣልያ ድሕሪ ባጽዕ ምሓዛ ናብ ከበሳታት ኤርትራ ኣበለት። ዘይከም እቶም ዝቐደሙ ወረርቲ፡ ብዙሕ ተቓውሞ ከይገጠማ ድማ ከበሳ ደየበት። ኢጣልያ ስለ እተፈትወት ዘይኰነ፡ ካልእ ምኽንያት'ዩ ዝነበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ፖለቲካውን



ቍጠባውን ኵነታት ምቹእ ባይታ ፈጠረ። ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 19 ክፍለ-ዘመን ብቐጻልን ተደጋጋምን ወራራትን ራሲያታትን ተዳኺሙን ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ተጸንቂቑን ነበረ። ኣብ ርእሲኡ፡ ብ1888 ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብርቱዕ ደርቅን ጥምየትን ተኸሲቱ ነበረ። ከም ክፋል ናይዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብብርቱዕ ጥሜት ተጠቒዑ ነበረ። ስለዚ፡ እዚ ክልተኡ ረጃሒታት፡ ኢጣልያ ዘይከም ካልኦት መግዛእታውያን ሓይልታት ዝገጠማ ብድሆ፡ ብተዛማዲ ቀሊል እዩ ዝነበረ።

ኢጣልያውያን ንባጽዕ ምስ ሓዙ፡ ብ1887 ኣብ ሰሓጢን ዊዓን መዓስከራት ተኸሉ። መራሕቲ ህዝብታት ኤርትራ ድማ ብዓጸቦን ጥሜትን ተሃስዮም ነበሩ። ከም ከንቲባይ ሓምድ ናይ ሳሕል፣ ካብ መሳፍንቲ ትግራይ ሃዲሞም ኣብ ሳሕል ተዓቍቦም ዝነበሩ ደግያት ካፍል ብዓል ደንበላስ፣ ደግያት ባህታ ሓጐስ ንምምጻእ ኢጣልያ ካብ እተቐበሉ መራሕቲ እዮም። እዞም ብወራራትን ራሲያን መሳፍንቲ ትግራይ ዝረብረቡ፡ ብጥሜትን ዓጸቦን እተሃስዩ መራሕቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸግዒ ንምርካብ ምስ ኢጣልያ ክትሓበበሩ መረጹ። ኢጣልያ ከተስፋሕፍሕ ምስ ጀመረት ተጻብኦ ክገጥማ ጀሚሩ። መሳፍንቲ ትግራይ ብፍላይ ሃጸይ ዮውሃንስ ካብ ኤርትራ ረብሓ ስለ ዝነበሮ፡ ኢጣልያ ኸኣ ኣብዚ ረብሓ ጽልዋ ክትገብር ስለ ዝጀመረት፡ ክልተኦም ሓይልታት ኣብ ረጽሚ ክኣትዉ ግድን ነበረ። ራእሲ ኣሉላን ሃጸይ ዮውሃንስ ክሳዕ እቲ ኣንጻር ምስፍሕፋሕ ማህዳውያን ብምባል ኣንፈቶም ዝቐየሩሉ ግዜ ምስ ኢጣልያ ተዋጊኦም ነበሩ። ሃጸይ ዮውሃንስን ራእሲ ኣሉላን ምስ ማህዳውያን ንኽዋግኡ ምስ ተኣልዩ፡ ኢጣልያ ናይ ምስፍሕፋሕ ጕዕዞኣ ክትቅጽል ጽቡቕ ዕድል ነበራ። ንኸረን ኣስመራን ከኣ ብ1889 ተቘጻጸረተን፣ ኪንዮኡ ሓሊፋ ክሳብ መረብ ሓዘቶ። ብ1 ጥሪ 1890 ከኣ ነዚ ሓድሽ ግዝኣት "ኤርትራ" ክትብል ሰመየቶ። ኤርትራ ኸኣ ከም ዶባታ እተኸለለት ሃገር ተቐልቀለት።

ሃጸይ ዮውሃንስ ብማህዳውያን ምስ ተቐትለ፡ ሃጸይ ምኒሊክ'ዩ ዝተክኦ። ሃጸይ ምኒሊክ ናይ ሸዋ ንህዝብታት ኦሮሞ፡ ጕራጌ፡ ዓፈር፡ ሶማልን ወላሞን ብምውራር ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ኣእተወ። ስለዚ ኤርትራ ብመግዛእቲ ኢጣልያ ከም ዶባት ዘለዋ ሃገር ድሕሪ ምቛማ፡ ኢትዮጵያ ድማ ብወራር ሃጸይ ምኒሊክ ከም ሃገራት ድሒራ ቈመት።

ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ከተስፋሕፍሕ እንከላ ብዙሕ ተቓውሞ ኣይገጠማን። እዚ ሰለማዊ ዝመስል ኣቀባብላ ስለ ዘየቕሰና፡ "ውዒሉ ሓዲሩ ተቓውሞታት ክገጥመኒ'ዩ፡" ኢላ ሓሰበት። እሞ ን800 ሹመኛታትን ሰዓብቶምን ካብ 1889 ክሳዕ 1890 ቀተለት። ንብዙሓት ከኣ ኣብ ዓሰብን ናኹራን ኣሰረት። መጀመርታ ንሰቡሕ መሬት ኤርትራ ሃገረት። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ንኢጣልያውያን ሓረስቶት ዝኸውን ሰፈራታት ኣቘመት። ኣብ ኢጣልያ ሸቕለት ኣልቦነት ስለ ዝነበረ፡ ብዙሓት በርጌስ ኢጣልያውያን ናብ ኣሜሪካ ይስደዱ ነበሩ። ካብዚ ጸቕጢ ንምውጻእ ከኣ ሲቪል ኢጣልያውያን ናብ ኤርትራ ኣምጽኣት። ካብ 1896 ክሳዕ 1930ታት ኢጣልያ ቍጽሪ ዓስከራታ ኣበርኪታ፡ ንወራር ዝኸውን ሰፊሕ ምድላዋት ኣካየደት። ብዘይካኡ ኸኣ ኢንዱስትሪያዊ፡ ንግዳውን ቍጠባውን ትካላት ተኸለት። ነዚ ንምትግባር ምእንቲ ክሕግዛ ኸኣ መገዲ ባቡር፡ ጽርግያ፡ ተለፈሪካ፡ መራኸቢታት፡ ወደባት፡ ትምህርቲ፡ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪታትን ንግድን ኣማዕበለትን ተኸለትን።

ቅድሚ'ቲ ብኢጣልያ ዝተገብረ ለውጢ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ውሑዳት ብንግዲ ዝናበሩ ገዲፍካ፡ ዳርጋ ኲሉ ብሕርሻን መጓሰን'ዩ ህይወቱ ዝመርሕ ዝነበረ። ድሕሪ መግዛእቲ ኢጣልያ ግን ኣገደስቲ ቍጠባውን ማሕበራውን ለውጥታት ተራእየ። ቅድሚ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ብዘይካ ምጽዋዕ፡ ካልእ ከተማ ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ 50 ዓመታት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣስመራ፡ ከረን፡ ዓሰብ፡ ኣቑርደት፡ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፡ ተሰነይ፡... ዝኣመሰላ ከተማታት ተሃኒጸን። ኣብ ኤርትራ እግሩ ካብ ዘንብር ኣትሒዙ ኤርትራውያን መንእሰያት ዘዐስክር ዝነበረ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ሊብያ፡ ሶማልን ኢትዮጵያን ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ውግኣት የኽትቶም ነበረ።

ኣመጻጽኣ ኢጣልያ ናብ ኤርትራ ምስ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ምዕባለታት ዝተኣሳሰረ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ተሳዒራ ካብ ኤርትራ ክትወጽእ እንከላ'ውን ብቐንዱ ምስ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ምዕባለታት ዝተሓሓዝ እዩ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ብ1939 ምስ ተላዕለ፡ መራሒ ኢጣልያ ዝነበረ ቤኒቶ ሙሶሊኒ ኣንፈት እቲ ኲናት ናበይ ምዃኑ ከየረጋገጸ ኢዱ ክሕውስ ኣይመረጸን። ጀርመናውያን ኣብ ልዕሊ ፈረንሳ ድሕሪ ምዕዋቶም፡ 'ናይ መወዳእታ ዓወት ናይ ጀርመናውያን'ዩ፡' ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፡ ብ1940 ናብዚ ኲናት ኢዱ ሓወሰ። ኣብቲ ጀርመን ጃፓንን ዝነበርኦ ሓይልታት ኣክሲስ ብምጽንባር፡ ኣንጻር ንእንግሊዝን ፈረንሳን (ድሒረን ኣሜሪካን ሶቭየት ሕብረትን ዝተሓወስኦ) ሓይልታት ኪዳን ብ10 ሰነ ኲናት ኣወጀ። እቲ ኲናት ካብ ኤውሮጳ ናብ ኣፍሪቃ ሰገረ። ኤርትራ ኣብ እትርከቦ ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ንኢጣልያ ምእላያ ንሓይልታት ኪዳን ኣገዳሲ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ መንጎ እንግሊዝን ኢጣልያን ኣብ ከሰላ ኲናት ጀመረ። እንግሊዝ ስለ ዝሓየለ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምዕራብ ኤርትራ ተቘጻጸሮ። ኢጣልያ ኣብ ጥንቁልሓስ ዓሪዱ፡ ን12 መዓልታት ተዋግአ። እዚ ውግእ ብዓወት ኢንግሊዝ ክውዳእ እንከሎ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ካብ ዝተኻየዱ ውግኣት እቲ ዝኸበደ ነበረ። እንግሊዝ ድሕሪ ንኸረን ምቍጽጻሩ፡ ብ1 ሚያዝያ 1941 ንኣስመራ ሓዛ። በዚ ኸኣ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣኸተመ።

ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓትሉ፡ ብዙሕ ተቓውሞታት ይገጥማ ነበረ። ዘማት ወድ እኩድ፡ ደግያት ካፍል፡ ዓሊ መሓመድ ዑስማን ቡሪ (ሰባር ናኹራ)፡ ደግያት ኣበራ ሃይሉ (ብሃጸይ ምኒሊክ "ካብ ሽሕ ኣምሓራ፡ ሓደ ወደ ኣበራ" ዝተባህለሉ)፡ ደግያት መሓራይ (ሰባር ናኹራ)፡ ከንቲባይ ሓምድ፡ ደግያት ባህታ ሓጐስ፡ ኣቡበከር ኣሕመድ መሓመድ ኑሪን፡ ሱልጣን ያሲን ሓይሰማን ካልኦትን ንኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ቀሲና ክትነብር ከም ዘይትኽእል ዘረጋገጹላ ተቓለስቲ እዮም ዝነበሩ።

*(መወከሲ - wikipedia + worldhistory.com + https://history.state.gov + ታሪኽ ኤርትራ፣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት)*

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዳስ ናጽነት - ኣብ ን/ዞባ ማእከል ከተማ

መርሃዊ ገብረሚካኤል
ስእሊ - ኣቤል በረኸት

መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ኣብ መላእ ሃገርናን ኤርትራውያን ኣብ ዝነብሩለን ሃገራት ወጻኢን - ኑታ ዕለት ዝገልጽ ዝተፈላለየ መሰናድኦታት ብምድላው ክጽምበል ቀንዩን ይቕጽል ኣሎ። እዚ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡



ወ/ሮ ሳራ በርሀ



ወ/ሮ ኣዜብ ዳምር



መንእሰይ ሃና ዑቕባዝጊ

ኣብ'ቶም ዝዓ ዕለት ዘበቕዕዎ ሶማእታት ደቁን ሃገሩን ዘለዎ ክብሪ መግለጺ እዩ። ዝዓ ዓብይ ዕለት-ናጽነቱ ንምድማቕ ምድላዋቱ ከጻፍፍ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም ተወሳኺ ኣብ ሓያሎ ከተማታት ኮማዊ ዳሳት ብምድኳኑ ተኣኻኺቡን ተሓቛቚፉን ብሓድነት ዘኪርዎን ኣብዒሉዎን።

ብርግጽ 24 ግንቦት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኣሰታት ሓደ ዘመን ከቢድ ዋጋ ብምኽፋል - ትርጉም ጽንዓትን ተወፋይነትን ብደም ርሃጹ ኣማሲኒሩ፡ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ናጻ ምኳኑ ዘመስከረላ ዕለት ብምኳና፡ ኣብ ታሪኹ እታ ዝኸበረት ዕለት እያ። እዛ ህያብ ስወኣትና ንዘኾኑት ናጽነት ዘበሰረት ዕለት እዚኣ፡ ዓመት መጸኣ ክትዝከር እንከላ፡ ዕዘዙኑት ትርጉማ እናዛየደን እናተኸኣለ እዩ ዝኸይድ።

ብሃገር ደረጃ፡ ዝጠዙላ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳራት ከባቢታትን ኑቲ ንስለ'ዛ ክብርቲ ዕለት ክተዩድ ዝቐጸ ምድላዋትን ምሹብሻባትን ብቐንያቱ እኳ እንተ ፈለማኡ እኽሊ-ማጽን ኣፍሰሰን ውልቃዊ ንጥፈታት መካብሮእን ኣወዝሒፉ ኣብ ኮማዊ ዳሳት ብምትእኽኻብ ጽምብለን ክፍልማ ዝተራእያስ ኣብ ድሮን ጽባሕን ናይ'ታ ዕለት እዩ ነይሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል - ኣስመራ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ እውን ከም ኩለን ንኡሳን ዞባታት - ብ23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ እኽሊ-ማይ ብምድላው ጸምብልዋ ወዓሉ እዩ። ድንጉይ ኣልና ብምምጻኡ ይቕረታ እናሓተትና - እዝሆ ኑቲ "ዳስ ሓድነትን ፍቕርን" ዝተሰምየ ሃገራዊ ዳሱ ብመንገዲ ኣካየድቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞጣን ተሳተፍቲ እቲ ክብርትን ክንደስሶ ክንፍትን። ጽምብላት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ንኹሉ ከጥዕም ተባሂሉ ኣብ ክልተ ቦታታት ከምዝተዩድ እዩ ተገይሩ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ እታ ዝኢ ሃገራዊ በዓል ከተእንግድ ምድላዋታ ኣጻፊፉን ተቓሪባን ዝበረት ኣዳራሽ ሊባኖስ፡ ኑቶም ካብ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ምምሕዳር ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ናብኣ ክውሕዙ ዝጀመሩ ተሳተፍትን ዕዱማትን ክትቕበል ጀመረት። ኣዳራሽ ሊባኖስ ብዝተፈላለዩ ጭርሖታትን ጥንፌራታትን ኤርትራ ኣጊጻ ነበረት፣ ውዕውዕ መንፈስ ናጽነትን ሓድነትን ደማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካብ ጻት ናብ ጻት መሊኡ ዝበረ ተኣንጋዲ ህዝቡ ይረአ።

እቲ መደብ ከም ወትሩ - ኑቶም ነዛ ክብርቲ ዕለት ክውንቲ ክትከውን ንናጽነት ከም ህያብን ሕድሪን ተወፍዮም በዩ ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ ብምዝካር'ዩ ፈሊሙ። ካብኡ ብምቕጻል ቃል ዘስመዐ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ - ኣቶ ኣስመሮም ደሰታ እዩ። ኣቶ ኣስመሮም ኣብ መደረኡ "ናጽነት፡ ንህዝቢ ኤርትራ - ሕቶ ህላወን ክብረትን እያ። ንሕጂ ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ንመጻኢ ወለዶ። ስለዝኾኑ ኑቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ብጾላእትና ወትሩ ዝኣለም ውዲት ንምምካት ኣብ ዝተዩድ ዘሎ ሃገራዊ መኸተ፡ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ሓደ ኣካል ኴንና ታሪኽ ንምስራሕ ተበጊስና ኣለና" ክብል ገሊጹ።

ብኽቡር ዋጋ ንዝተረኸበ ናጽነትን ልኡላውነትን ንምዕቃብን መደባት ልምዓት ንምዕዋትን ድማ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣበርክቶኡ ክዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ሃዋህው - እቶም ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዝወጹኡ ጉጅለ መዚቓኛታት - ዝተፈላለዩ ሃገራውያን ጣዕመዜማታት ብምቕራብ፡ ከም ነቢት መቐረቲ እናወሰኸ ከም ዝኸይድ እዩም ገይርምዎ። እቲ መደባት ይቕጽል፡ ሃዋህው ኣደራሽ ሊባኖስ ድማ መመሊሱ ይምዕርግ።

ብዛዕባ'ዛ ክብርቲ ዕለት እዚኣ፡ ንድሕሪት ተመሊሶም ዘለዎም ጦብላሕታታት ንኽገልጹልና ንገለ ተሳተፍቲ ኣዘራሪብና ነይርና። ኪ.ንኦ'ቲ ብተጻቢኡቲ ኪጋጥመና ዝጸንሐን ዘሎን ግዜያዊ ዕንቅፋታት - ናይ ሓዋሩ ራህዋን ብልጽግናን ንምርግጋጽ ዝተዩድ ዘሎ ስራሓት ህንጸትን ልምዓትን፡ መርኣያ ትግባረ ሕድሪ ሰማእታትና ከም ዝኾኑ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ብዙሕ ሽንኻት ብዝሕፈስ ዘሎ ዓወታት ድማ ኣዝዮም ሕጉሳት ምኳኖም እዮም ገሊጾምልና።

ኣካያዲት ስራሕ ምምሕዳር ማእከል ከተማ ወ/ሮ ሳራ በርሀ፡ "ትርጉም ናጽነት ክትገልጾ ከቢድ እዩ። መሪር እዋን ባርነት፡ ስቓያትን ግፍዕን ሓሊፍና ከም ህዝብን ሃገርን ነዛ ክብርቲ ዕለት ክንጽምብል ምኽኣልና፡ ኣዝዩ ሕጉስቲ እየ" ድሕሪ ምባል፡ ነዛ ብደም ብሉጻት ዝመጽኦትን ዝተዋሕሰትን ሃገር ብሪሃጽና ክንጠጥዓን ክነምልማን ሓላፍነት ኩላትና ከም ዝኾነ ኣገንዚባ።

ካብ ጀርመን ዝመጸኦትን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተወልደትን መንእሰይ ሃና ዑቕባዝጊ፡ "መንግስቲን ህዝብን ውሕስነት ሰላም ንምርግጋጽ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተዓዚበ። ናጽነት እቲ ቀንዲ ባይታ ንምዕባሌ ብምኳኑ ከኣ፡ እቲ ኻና ዘይተተግበረ መደባት ልምዓት'ውን ግዜኡ ሓልዩ ክዕመም ምኳኑ ዘጠራጥር የለን" ክትብል ርእይቶኣ ኣካፊላትና። ንሳ ወሲኻ፡ "ናጽነት ብዘለካ ዓቕሚ ንምዕባለን ብልጽግናን ሃገርካ ምስራሕ ብምኳኑ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ዝነበሮ ሃልዩ ብዘለዎ ልዑል ሃገራዊ ፍቕርን ሓልዮትን ተደሪኹ ክሰርሕ እላቦ። ኣብ ወጻኢ ዘለና ዜጋታት ድማ ብኣጋጣሚ ዕለት ናጽነት ክንንብር ዘለና - ከም'ቲ ኣብ ወሽጢ ሃገር ዘሎ ዜጋ ዘካይዶ ንጥፈታት፡ ኣብ መደባት ልምዓት ንዘዋፅር ዘሎ ኣበርክቶ ብብዓቕምና ምዕዛዘዩ" ኢላ። ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ድማ የዋናኣ ገሊጹ።

ካብ ሃግደኤ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ወ/ሮ ኣዜብ ዳምር ብወገና፡ "ህዝቢ ኤርትራ ኣብ በዓል ናጽነት ምስ ደቁ ተኣኻኺቡ ክጽምብላ እንከሎ ዝፈጥሮ ሃገራዊ ስምዒት መዐቀኒ የብሉን። ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ኣብ ጽላል ሃገራዊ ሰንደቕ-ዓላማ ዓሲሉ ኣብ ደሙቅ በዓል ተኣኪቡ ክትርእዮ ከለኻ ዝወርሓ ስምዒት መግለጺ የብሉን። ብሓፈሻ፡ እዚ ምትእኽኻብ እዚ ክጻዮ እኽሉማይ ዝኸይድ ሪዚን ሃገራዊ መልእኽቲን መብጽዓን ዝሓቖፈ ብምኳኑ፡ እዚ መንፈስ'ዚ ናብ ንኣሽቱ ወለዶታት ንምስግጋሩ ኣበርቲዕና ክንሰርሐ ይግብኣ" ክትብል መልእኽታ ኣመሓላሊፋ።

"ንሕና ኤርትራውያን፡ ከም ህዝብን ሃገርን ክንቀውም ዘኽኣለና ቀዳማይ ረቛሒ ፍቕርና፡ ስራሕትናን ሓድነትናን እዩ" ዝበለ ኣቶ ነጋሲ ዑቕባሚካኤል ድማ፡ እዚ ዓንዲ ሃገራውነት ዝኾነ ባእታ ንምንቕናቕ ጸላእትና ወትሩ ደቂሶም ከም ዘይሓድሩ ብምዝኽኻር፡ ተካእቲ ወለዶ ኣብ ምውራስ ሃገራዊ ክብሪታት ድልውንቶም ክርእዩ ኣተሓሳሰቡ።

ነዛ ብውህድ መንፈስ ንዝከራ ዘለና መዓልቲ ናጽነት ንምርግጋጽ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ከቢድ ማሕለኻ ከም ዘሕለፈ ዝጠቐሰት ጸሓፊት ህግደፍ ማእከል ከተማ ወ/ሮ እንቲሳር ኣሕመድ ብወገና፡ "ብዝኸፈልናዮ ሪዚን ዋጋ ናጽነትና ወኒንና፡ ጉይቶት ሰላምን ቅሳነትን ዝመልኣ ሃገር ክንከውን በቒዕና ኣለና። ትምኒትናን ሃንቀውታናን ንሱ ብምንባሩ ከኣ በቲ ቀዳማይ ምዕራፍ ዕግብቲ ኢና። ካብ ጸላእቲና ንዝመጻኣ ታጻብኦታት መኪትና፡ በቲ ፈሊምናዮ ዘለና ጉዕዞ ልምዓት ብልጽግቲን ስልጥንትን ሃገር ከም እንሃንጽ ጥርጥር የለን" ኢላ።

ኣብ ክሉብ ሲነማ ሮማ - ቢንጎ ኣብ ዝተገብረ ወማዊ ጽምብል ምምሕዳር ከባቢ ሓድነት'ውን ተረኺብና ነይርና። ኣብቲ በዓል ናጽነት ክሳተፍ ዝረኸብናዮ ወዲ 73 ዓመት ተጋዳላይ የማነ የውሃንስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንኽረኽብ ኩሉ ዝወኸና - ክሳብ ህይወቱ ከይበቖቐ ብተወፋይነትን ጽንዓትን ከም ዝጻዓተ ብምሕባር፡ እቲ ናጽነት ዝወለደ ጽንዓትን ተወፋይነትን ኣብዚ ዘለናዮ መድረኽ ልምዓት ብዝሓየለ መልክዑ ክቕጽል ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

"ብዛዕባ ናጽነት ዝገለጸካ እንተ ገሊጸካ ዘውዳእ ኢዩትሃን" ዝበለት ወ/ሮ ዛይድ ኢሳቕ እውን፡ "ዓመት መጸኣ መዓልቲ ናጽነት ክንጽንብል እንከለና፡ እቲ ናጽነት ንምምጻእ ዝሓለፍናዮ መሪር ተጋድሎን ዝኸፈልናዮ ሪዚን ዋጋን'ዩ ዝረኣየና። መንግስቲን ህዝብን ዘተኣማምን ኣንፈት ምዕባለ ሒዙና ብጸቡቕ ንጓዓዝ ብምህላውና ድማ፡ እቲ ዝዓበየ ጺጋና -



ኣቶ ኣስመሮም ደስታ



ተጋዳላይ የማነ የውሃንስ



ወ/ሮ እንቲሳር ኣሕመድ

ሓይሊናን ስራትናን ሓድነትናን'ዩ። ዝኢ ጺጋዚ ድማ ሃገርና ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ምዕባለ ንምብጻሕ ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ኢና" ክትብል ገሊጻ።

ኮሚተ ናይቲ ጽምብል ወ/ሮ ፋጡማ ማህዲ ድማ፡ "ናጽነት ንምርግጋጽ ዝኸፈልናዮ መስዋእቲ ኣዚዩ ከቢድ'ኳ እንተኾኑ፡ ብድልየትናን ብሕገስ መንፈስን ነዛ ክብርቲ ሃገርና ዝወፈናዮ ብምኳኑ ኣይንጠዓሰሉን ኢና" ብምባል፡ ብኣጋጣሚ መዓልቲ ናጽነት ንኹሉ ኤርትራዊ የዋና ኢላ።

ስነ-ስርዓት ጽምብል ዳስ ናጽነት መበል 33 ዓመት ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ብኸቡብ ዝበለ ስነ ስርዓት ደሚቑ ዝወዓለ ኩይኑ፡ ህዝቢ ኣብ ሃገሪዊ ቁራዕ ብምዕላል ንስለ'ዛ ሪዝንን ክብርቲን ዕለት እኽሊ-ማዩ ብምፍላስ ተዓጢቑ ድሕሪ ምውዓል፡ ኣብ ኣጋ ምሸት መጋረጃኡ ዓጽዩ።



# ኤርትራዊ - ኣብ ኩሉ ኤርትራዊ

ሃይማኖት መሓሪ

መቸም ኣብ ግዜ በዓላት፡ ካብ ደገ ናብ ኤርትራ ዝውሕዙ ኣጋይሽ ብዙሓት እዮም። ኣብ'ታ ሀረር ዝበሉዋ ሃገሮም ገለ ሃገር ብዚሕም ከም ዝመጽኡ ድማ ካብ ገጾም እዩ ዝንበብ። ኣውደኣመት ኣሎ፡ ዒድ ኣሎ፡ ካልኦት በዓላት'ውን ኣለው። እቶም ዝጠዘሑ ግን፡ ኣብ ግዜ ሃገራዊ በዓላት እዮም ናብ ሃገሮም ክመጽኡ ዝደልዩ። እዚ እናኾሓሰቡ፡ ኣብ ደገ ይሃሉ ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ኤርትራዊ ንሃገሩን ንህዝቡን ዘለዎ ፍቕርን ኣኽብሮትን ቀጕልጫ ኢሉ ይረኣየኒ። ብሕልፊ ካብ'ተን ካብ ሃገርና ዝረሓቓ ሃገራት ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ናብ'ዚ ንምብጻሕ ቀሊል ዘይኮነ ዋጋ ከም ዝኸፍሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ጉዳይ ስራሕ ኾይኑ፡ ኣጋይሽ እንኽንቅበል ምስ ብዙሓት በበይኑ ዝሞያኦም፡ ዝመልክዖምን ባህርኦምን ሰባት ንኽላለ ዕድል ረኺበ'የ። ናፍቖት ኣለዎም፡ ናይ ስድራ፡ መተዓብይቲን ገዛውትን፡ መማህርቲን ቤት ትምህርትን ደቂ ኮረሽን መጋድልትን ናይ ዓዲ፡ ብዓልቲ-ቤት ወይ ብዓል-ቤት፡ ዓርኪን ኣፍቃርን. . . ኮታ እቲ ዝርዝር መወዳእታ የብሉን። እዚ ኹሉ ተደማሚሩ ድማ ናብ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ይልወጥ። ብሓቂ ኸኣ ይትረፍዶ እቶም ንዓመታት ካብ ሃገሮም ተፈልዮም ዝጸንሑ፡ እቶም እንተስ ንወርሒ፡ እንተስ ንኣዋርሕ ብመገሻ ዝወጽኡ'ኳ፡ ናፍቖት ዓቕሮም ከምለሱ እዩ ዝርኢ።

ከም'ቲ ዝተባህለ ድማ "ዓድ'ኻ ዝመስልዎ የለን" ኮይኑ፡ ምስ ዝኾነ ካብ ናይ ደገ መገሻ ዝምለስ ሰብ ኣብ ዘዕልለሉ እዋን፡ ካብ ሃገሩ ወጺኡ ክነብር ዝደለ ኣየጋጠመንን። በቃ ኸም'ዚ "ማንታለሰ ዘሊላ ዘሊላ ናብ መሬታ" ዝተባህሉ፡ ኣብ ዝበዱ ነይሮም "ሃገረይ" እዩ መደምደሚኦም።

ሕጂ ክዘርበሉ ደልየ ዘለኹ ኢጋጥሚታተይ ኣብ ምቕባል ኣጋይሽ'የ። ብፍላይ ድማ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ንዝተጸንበለ መዓልቲ ናጽነት ምስ ዝመጽኡ ነገር ወጻኢ ሃገር እዩ።

ኣመና እዮም ዘገርሙኒ። ብዙሓት ካብኣቶም ናብ ኤርትራ ክመጽኡ ኸለው፡ መንነቶም ብምዕቃብ ኤርትራውያን ንኽመስሉ ዘለዎም ባህጊ ኣመና የሐጉሰኒ። እቲ ዝወደዩዎ ክዳውንቲ፡ ንመንነቶም ዝገልጽ፡ ማለት ኤርትራዊ-ኤርትራዊ እዩ ዝሽትት። በቲ ንዊሕ ዓመታት ዝጸለዎም ናይ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ባህሊን ኣነባብራን ንኸይጽለዉ ዝከኣሎም ምጽዓሮም፡ ንዓይ ከይተረፈ ኣመና እዩ ዘሐብነኒ። እቲ ዘርዎም ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጥሚታት፡ ብሕልፊ ድማ ኣብ ሃገራዊ በዓላት፡ ኣብ ዘለወዖ ሃገር ኮይኖም እንቋጸንብሉ፡ ደርፎም፡ ሳዕስዒቶም፡ ኣኩዳድናኦም፡ መግቦምን ኣመጋግባኦምን. . . ኩሉ ንኤርትራን ህዝባን ዘንጸባርቕ ምዃኑ'ዩ። ኣብ'ታ መዓልቲ፡ እታ ዝጸንበሉላ ኣዳራሽ፡ ንእሽቶይ ኤርትራ እያ እትመስል። ልዕሊ ኹሉ ድማ፡ ደቆም፡ ከም ቖልዑ ኤርትራ ንኽመስሉ ዘይገብሩዎ ጻዕሪ የለን።

እዞም ጊያሶ፡ ገና እግሮም ኣብ መሬት ዓዶም ምስ ረገጸ "ሕጉስ መዓልቲ ናጽነት! - እንቋዕ ደስ በለና. . ." ክብሉኒ ከለዉ ዝሰመዒ ሓጎስ ደረት የብሉን። ኣየ ደቂ ኤረይ ባህ ክብሉኻ! ብሓቂ ድርብ ዕላማ ዝሓዘለ መደብ እዩ። በቲ ሓደ ሓድነት፡ ጽንዓትን ዓወትን በቲ ካልእ ድማ ባህሊን ኣነባብራን ኤርትራውያን የንጸባርቑ። "ህዝበይሲ ንበይኑ እዩ"

"እዞም ካልኦት ኣህዛብሲ ብዛዕባ ሃገሮም እንታይ ይብሉ ይኾኑ? እዚ መንፈስ ሃገራዊነትከ ኣብ በይንኦም ይኸውን?" ዝ. ሕቶ'ዚ ንኽልዕል ምኽንያት ዝኾነኒ ብዙሕ ፍጻመታት ኣሎ።

መቸም ዘመን ኣምጽኦ ግዲ ኾይኑስ ሓደ ሓደ ግዜ ናብ ኢንተርነት ካፌታት ቅልቅል እብል'የ። እቲ ዝገርመኒ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዝጠዘሕዎ፡ ዛዕባ ሃገርን ህዝብን ብጠዚሒ እዩ ዘሎ። ኤርትራዊ ምስ ሃገሩ ጥቡቕ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ንምርግጋጽ፡ ኑቶም ዝለዓሉ ዛዕባታትን ዝወሃቡ ርእይቶታትን ምስትውዓል ጥራይ ኣኻሊ'ዩ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኢንተርነት ምስ ከፈትኩ፡ ከም'ዚ ዝብል ጽሑፍ ጸንሓኒ። "ኣብ'ዚ ዝቐጸለ ዓመት ዲቪ እንተ ዘይበጺሑኒ፡ ኣብ'ዛ ሃገር'ዚኣ ምንባር ከቋርጽ እየ። ሃገረይ ዋላ ሓንቲ ኣይትጠቕመንን'ያ" ዝብል ናይ ሓደ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝሃገሩ መንእሰይ ርእይቶ ኣንበብ። ካብኡ ዝገደደ ድማ ዘተባብዕ እምበር ዓንቢ ዝብሎ ወይብ ርእይቶ ኣይረኸብኩን። ገለ ኣቶም'ሞ ብጹልጣኡ "ሓቅኻ ኣለኻ" ክብሉ ደገፉዎ። ኩላቶም፡ ሃገሮም ክትጉብረሎም ከም ዘለዋ እምበር፡ ክገብሩላ ከም ዝግባኦም ዝፈልጡ ኣይመስሉን። ገለ እውን ኑታ መበቈሎም ዝኾነት ሃገር "ዋላ ገደል ትእቶ" ብጠዓይኑ፡ ምንጸርጻር ከናሽወዋ ኸለዉ ኣንበብ እየ። ሃንወልቕ'ካ ምሕሳብ ጥራይ!

ንዓና ንኤርትራውያን ግን፡ ሃገር እንተ ዘየላ ዘይምንባር ማለት'ዩ። ሃገር እንክትድሪር ድማ ከም ሞትን ውርደትን እዩ። 'ናጻ ሃገር ንኽትህልወና ዝኸፈልናዮ ዋጋ እንተ ዝፈልጡምሲ ቑሩብዶ ዋጋ ሃገር ምተሰወጦም' እብል'የ። እንሓንኣብ'ውን 'እዞም ንኡሶም ቀደሚ ሃገሮም ዝሰርዑዋሲ ምናልባትዶ ኑታ ሀገሮም ከም ህያብ ብጥፍኢ ተቐቢሎማ ኾይኖም' ዘይብል ኣይኮንኩን።

ዝ. ኣቐዲመ ዘንበብኩዎ ጽሑፍን ንዕኡ ዝመስል ካልእን ምስ ኣንበብኩ፡ ካልእ ምፍታሽ ዘድሊ ኾይኑ ኣይረኸብኩዎን። ናብ'ቲ ናይ ደቂ ሃገረይ ምስ ተመለስኩ ግን፡ "ሃገረይ" ዝብል እምበር፡ ገደል ንኽትኣቱ ዝትምኒ ሰብ ይኹን ጽሑፍ ኣይረኸብኩን። ብዕምቆት ዘይፈልጡዋ ጓኖት ጸረፍቲ ኤርትራ ግን መሊኦም እዮም።

ናይ ሎሚ ዓመት ናጽነት፡ ምስ ሱዳናውያን ኣሕዋት ኾይንና ስለ ዘብዓልናያ ፍሉይ ከም እትብል ማንም ግዱስ ዝተዓዘቦ'ዩ። እዞም ብሰሪ ኹናት ዝተፈናቐሉን ኀደቦና ዝኾኑን ህዝቢ፡ ኣብ'ቲ ሕጉሰን ድሙቕን ህዋህው ተጸንቢሮም ንግዜኡ ቃንዛኦም ክሳብ ዝርስዑ እዮም ኮይኖም። ብሕልፊ እቶም ብዕድመ ደፋእ ዘበሉ፡ ከም'ቲ ንዓና ዝሰመዓና ደኣ ኣይኾኑን እምበር፡ ዝሓለፍናዮ መሪር ቓልሲ ይፈልጡዎ እዮም። ምስ'ቲ ሕጂ ንዓኣቶም ኣጋጢሙዎም ዘሎ ጸገም ብዘኾነ ይኹን ተኣምር ከም ዘይመጣጠን'ውን ብልሳኖም ክምስክሩ ሰሚዐ እየ። ግን ኣመና ከም ዝኸበዶም ክሓብኡ ኣይከኣሉን።

ቀደሚ ቑሩብ ዓመታት እዩ። ኣብ ፋብሪካ ጥናቶም (ኣለቡ) እናሰራሕኩ ከለኹ፡ ምስ መሳርሕተይ ኾይንና ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሓደ ጽሑፍ ነንብብ ነይርና። እታ ጽሕፍቲ ከም'ዚ እያ ትብል ዝነበረት። 'ሓንቲ ብዕድመ ዝደፍኣት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ኣብ ዶብ ሜክሲኮ ኣዚ. ኾቕጣ ፖሊስ ኮይና ተመዲባ' ዝብል ነበረ። ሽዑ ኣነ ንመሳርሕተይ ንስለ ዘረባ ግዲ ኾይኑ "ኣነ ዝ. ቦታ ዳሞግይ ክምለሶ እየ። ኣብ ሓለዋ ዶብ እናሰራሕኩ፡ በዚ ብዙሓት ስደተኛታት ናብ ኤርትራ ክውሕዙ እዮም። ድሕሪኡ 'ዝደፍአት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ዶብ ዝተመደበት' ክበሃል እየ" በልኩዎም።

'ተዛራቢካ እንታይ ኣምጺእካ' እንድዩ ነገሩ፡ ብዙሓት ሱዳናውያን ብስደት መጺኦሙና። ኣነ ግን ኣብኡ ዝምደበሉ ኢጋጥሚ ኣይተፈጥረን። እቲ ዝገርም ግን፡ እታ ጓል መካሲኮ ስደተኛታት ንኽትዓግት'ያ ኣብ ዶብ ተመዲባ ነይራ። ኣነ ኣብ ሓለዋ ዶብ ተመዲበ እንተ ዝነብር ነይረ ግን፡ ስደተኛታት ንኽዓግት ዘይኮነስ ስደተኛታት ንኽቕበል ምኾንኩ ነይሩ። ከም'ዚ ሃገርና ኤርትራ ንዞም ስደተኛታት ሓንጎፋይ ኢላ ዝተቐበለቶም ማለት'ዩ። እዚ ኣብ ታሪኽን ልቢን ሱዳናውያን ንዝልኣለም ዝነብር ሰናይ ግብሪ ኤርትራውያን እዩ።

ናይ ዕድል ነገር ኾይኑ፡ ኣብ'ዚ ዘለኹዎ ስራሕ'ውን ምቕባል ኣጋይሽ ካባይ ኣይረሓቐን። ኣብ ኤርፖርት ኾይነ ንሱዳናውያን ኣሕዋትና "መርሓባ!" እናበልኩ ክቕበል እውዕልን እሓድርን ኣለኹ። ንሕና ኤርትራውያን ንግዝም ናይ ደገ ዜጋ ሕማቕ ዘይንምሃን ኣብ ሸግሩ ብዓቕምና እንረድኦን ምኳንና ብዓንበ ምስ ረኣኹ ድማ ክሳብ ሕጂ እሕበን ኣለኹ።

ሎሚ "ማሬ ዚያዳ?" እናበሉኒ ምስ ሱዳናውያን እውዕል ኣለኹ። ሰደት - ሰደት ስለ ዝኾኑ ካብ ሃገሮም ክበጽሑ ኸለዉ ዝተጸበዩዎ ኣቀባብላን ኣብ'ዚ ምስ መጽኡ ዝጸንሖምን ብምንጽጻር ኣመና እዮም ዝገረሙ። የዕልሉኒ። ሕውነት ህዝቢ ኤርትራ ብግብሪ ስለ ዝረኣዩዎ፡ ገለኣቶም ዳርጋ ናይ ምንሳሕ ዝዓይነቱ ዘረባ ይድርብዩ። ምናልባት ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ዘይምዙናዊ ኣረኣእያ ነይሩዎም ይኸውን። ሓደ ካብኣቶም "ኣነ ናብ ሃገረይ ምስ ተመለስኩ፡ ሸግር ደኣ ኣይምጸለሞን እምበር፡ ዝተሸገሩ ኤርትራውያን ደልየ ምሳይ ከንብሮም'የ" ኢሉኒ። ብሓቂ ብኣቀባብልና ተተንኺፎም እዮም።

"ኤርትራውያን ሕብረት ኣለኩም" ዝበሉኒ እውን ነይሮም። ሓድነትና ናብ ኤርትራ ምስ መጽኡ ዘይኮነስ ርእዮምሲ ኣብ ሱዳን ከለው፡ ካብ ኤርትራውያን ስደተኛታት እዩ ተዓዚቦም። ግን ሽዑ ብዙሕ ትርጉም ዝሀቦ ኣይነበረን።

ናብ ደቂ ሃገረይ ክምለስ፡ ምስ'ዞም ካብ ሱዳን ዝመጽኡ ኤርትራውያን ስደተኛታት እናዕለልኩ እየ ስርሐይ ዘሰላስል። ብዙሓት ካብኣ'ቶም ኣብ'ዚ ናተይ ዕድመ ዝርከቡ "ክንደይ ዘር ኢኺ?" ኢሎም እዮም ዝሓትቱኒ። ደቂ ዘርም ይዝክሩ - ይናፍቁ በቃ። ንኹሉ ኤርትራዊ - ኤርትራዊ ምዃኑ ጥራይ እዮም ዝፈልጡዎ። "ኣበይ ዓድኺ፡ ወይ ኣበይ ዓድኻ?" ኢሉ ዝሓትት ኣየጋጥመንን። እዚ ድማ ነጸብራቕ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ዝርከብ ኤርትራዊ ዜጋ'ዩ።

ነጸብራቕ ኤርትራዊነትና፡ ነጸብራቕ መንነትና፡ እንተላይ እቶም ብኣካል ዋላ እንተ'ኾኑ፡ ብመንፈስ ካብ ሃገሮምን ህዝቦምን ዘይፍለዩ ኤርትራውያን ዲያስፖራ'ዩ። ስለ ሃገሮም፡ ስለ ህዝቦም፡ ስለ ባህሎም. . . ዋጋ ዝኸፍሉ - ኤርትራውያን ስደተኛታት።

ካብ'ዞም ዝተቐበልኩዎም ኣጋይሽ ዝኾነት ሓንቲ ዘዕለለትኒን ዝተንከፈትኒን ኣዕለለ ክውድእ፡ "ንፈጣሪ ናብ ኣመራ ክኸይድ ብዙሕ ለሚኖ እየ። ሓሳብ ልበይ ስለዝፈለጠ ኣብ ኣመራ ኣትየ። ክንድ'ታ ናብ ደገ ክኸይድ ዝለመንኩዎ ድማ ናብ ሃገረይ ክመልሰኒ ለሚነ። ፈጣሪ ሰሚዑኒ'ሉ እነኹ ኣብ ቐንያት ናጽነት ጠቕሊለ ናብ ዓደይ ኣትየ - ተማሲነ!"





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

BISHA MINING
Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea
Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Rebar Bender**

**Department: Engineering service and Owner Construction**
**Section: Owner Construction**
**Number Required: Five (05)**
**Contract Type: Definite for (12 months)**

**Primary Purpose**

- Carries out all rebar bending and beam, mesh tighten work in allocated areas on the Mine.

1. Bar bending is the process of making and bending steel reinforcing bars and beams, also called "rebar," which are used to strengthen concrete in building.
2. The responsibilities include straightening, marking and cutting reinforcement bars, and tying reinforcement for prefabricated cages and in-situ using hand tools and power tools.

**Essential Function**

- Bar bender & Steel Fixer is responsible for marking, cutting, and bending of rebars using hand or power tools effectively, fabricating, placing and fixing reinforcement at the desired location using correct ties within specified time, there are many portable rebar benders and cutters available to do the job properly a portable rebar bender or cutter, consider the following.
- How easy it is to use.
- Power requirements.
- Ease of portability.
- How quickly does it operate?
- Bending/cutting capabilities – will they work for your projects.

**Main Function**

1. Planning
2. Implementation
3. Reporting

**Unique Requirement/ Other Information**

- Candidate employment age 50 years maximum.
- The candidate must be physically medically fit.
- Must be able to work outside exposed to Heat, wind, and dusty environments.
- Must be able to work at Heights.
- Must have a rebar bending qualification.
- Eritrean Driver's License Minimum Grade 2 will be an advantage.

| Qualification | Knowledge and Experience |
|---|---|
| Technical school | 3 - 5 years relevant experience |

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Building and Construction - Knowledge of materials, methods, and the tools involved in the construction or repair of houses, buildings, or other structures | Communication (English and local language) |
| Mathematics - Knowledge of arithmetic, algebra, geometry, statistics, and their applications. | Integrity |
| Applying principles, techniques, procedures, and equipment to the design and production of various goods and services. | Prioritizing skills & multi-skilling |
| Experience of using hand and power tools | Ability to work towards strict deadlines |
| Knowledge of design techniques, tools, type of re-bar and bending machinery | High level of accuracy |
| The ability to exert maximum muscle force to lift, push, pull, or carry objects | Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Definite (12 months)**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to the sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ

CHECK-UP


ዘርእስታ መጽሓፍ

ንተማሃሮ 6ይ, 7ይ, 8ይ ክፍሊ

ኣብ ዓይነት ትምህርቲ

- እንግሊዝኛ
- ማሕበራዊ ትምህርቲ
- ቍጽሪ
- ትግርኛ
- ስነ-ፍልጠት
- ዜግነታዊ ትምህርቲ

ንዝበለጸ ሓበሬታ፥
07152627 ወይ 07151337 ተወከሱ።




ልዕሊ 7000 ሕቶታት ምስ መልስታቱ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Dozer Operator
Number required – (03)

Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.
• Control waste dump materials
• Control waste dump levels
• Construct road ways and ramps
Safety
• Operate the machine in a safe manner
• Pre check before operating
• Operate according mine operating procedures
Reporting
• To the production Supervisor
Develop Standards
• Ensure training complies with local and international standards.
Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Secondary schooling
• Able to read and write
Working Experience – Nature & Length
• Mining experience in the sense of ripping and dozing
• Six months and longer dozer experience on a mine
• Roadway and ramp construction
• Loading pad clean up
Technical Skills
• Able to identify any problem that will be a safety risk to machine and operator.
• Able to identify and report damage to machine
• Able to read and understand the display panel in the cab
Behavioral Skills
• Communication - Local (English will be an advantage)
• Safety leadership by example
• Good Interpersonal skills
• Commitment to deliver on agreed targets
• Physical condition to climb heights

Senior Quantity Surveyor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.
• The core responsibility of the candidate is to make sure that the work carried out in their area of responsibility is conducted according to best practice principles and international standards.
• Compile payment reports in line with contract.
• Verify if work is in line with contract scope.
• Verify BOM and equipment delivery's and sign off.
• Daily quantifying of progress.
• Submitting of weekly progress report
• Follow daily construction activities
• Make sure all work carried out is in line with IFC (issued for construction drawings)
• Inspect and quantify actual work carried out on site.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

• Bachelor's degree in Quantity Surveying of BSc Civil Engineering with extensive Quantity Surveying experience.

Working Experience – Nature & Length
• Minimum 10 years post graduate experience as senior Quantity Surveyor preferably in mining construction industry.
• Member Royal Institute of Quality Surveyors(RICS)- preferred.
• Minimum 5 years' experience at Senior Quality Surveyor level managing Quality Surveyors.
• Working knowledge in operation and risked associated with heavy mining equipment
Technical Skills
• Leadership skill in multi-disciplinary environment.
• Train and develop local staff
• Analytical skills
• Project management skills
• Attention to detail
• Report Writing skills
• Decision making skills
• Plan, organise and execution skills
• Understand equipment and project deliverables
• Problem solving skill
• Valid Driver's License
• Ability to establish and develop project reports.
• Strong Supervisory skills. Get things done attitude.
Behavioral Skills
• Proactive and organized with strong man management skills
• Safety leadership by example
• Ability to work in developing country
• Good Interpersonal skills
• Ability to work under pressure
• Ability to work toward strict deadlines
• Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented
• High level of initiative
• Ability to multitask
• Demonstrated best practice protocols
• Demonstrated the capabilities in working with a team culture
• Strong interpersonal relationship-building skills

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 10 days from the day of publication.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

